# መጸዋዕታ ንሰላማዊ ሰልፊ

# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
06.08.2006

ስርዓት ኤርትራ፡ ብዘይ ክስን ብዘይ ፍርድን ኣብ ማእሰርቲ ዘብልዮም ዘሎ ኵሎም ናይ ፖለቲካን ናይ ሕልናን እሱራት ንምዝካርን፤ ስቅያቶም ናብ ኵሉ ኵርንዓት ናይ ዓለም ብምብጻሕ፡ ንምፍታሖም ዝግበር ጸቕጥታት ንምሕያልን፤ ናይ ሎም ዘመን ባሕቲ መስከረም፡ ኣብ መላእ ዓለም፡ ብፍላይ ድማ፡ ኣብ ኣመሪካን ካናዳን ኣውስትራልያን ኣውሮጳን፡ ዝርከቡ ዜጋታትን ተቓወምቲ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ጕጅለታትን ብሓባር ኰይኖም ኣብ ሓደ መዓልቲ ሰላማዊ ሰልፊ ክገብሩ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ይጽውዕ።

እዚ ሰላማዊ ሰልፊ'ዚ፡ ተቐባልነትን ተሰማዕነትን መታን ክረክብ፡ ዜጋታት ናይ'ቲ እንነብረሉ ዘሎና ሃገራት ክሳተፍዎ ጽዑቕ ምንቅስቓሳት ምግባር የድሊ። ነዚ ቅዱስ ዕላማ'ዚ ንምዕዋት፡ እቶም ብወግዒ ተፈላጥነት ዝረኸቡ ናይ ኤርትራውያን ሲቪላዊ ማሕበራት ቅድመ-ግንባር ኰይኖም ክኾየይሉን፤ ነቲ ሰላማዊ ሰልፍታት ንምውህሃድ ኣበርቲያም ክሰርሑን ነዘኻኽር።

ኵሎም እሱራት ብዘይ ቅድመ-ኵነት ይፈትሑ!!
ውግእን ወረ ውግእን ሰራዊት ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ምልኣኽን ደው ይበል!!!